# ንክታበታት ቨክተር-ቫይረስ ዝምልከቱ ውሳኔታት ኣብ ስፍሕ ዝበልኡ መሰረት ይሙርኰሱ

**ንኣጠቓቕማ ክታበታት ኮቪድ-19 ኣስትራዘኔካን ያንሰንን ዝምልከት መንግስቲ ናይ መወዳእታ ውሳኔ ከሕልፍ እዩ። ካብ ውሽጥን ወጻእን ሃገር ብዝቚሙ ኣባላት ዝሓቖፈ ኮሚቴ ክኢላታት ሕጂ ከምዘዝ እያ። እዞም ክታበታት እዚኣቶም ኣብቲ መደብ ክታበትና ምስ ብምታው ምስ እንጥቀመሎም ወይ ከይተቐምናሎም ምስ እንተርፍ ዘስዕቦ ሳዕቤናት ንክግምግሙ ክዋፈሩ ኢዮም።**

ብሰንኪ ስግኣታት እቶም ሳሕታውያን ግን ከኣ ከበድቲ ዝኾኑ ጐር-ሳዕቤናት ትካል ህዝባዊ ጥዕና ንክታበት ኣስትራዜነካ ካብ መደብ ክታበትና ንሓዋሩ ንክወጽእ ምሕጽንታኡ ኣሕሊፉ ኣሎ። ትካል ህዝባዊ ጥዕና ኣብ ኖርወይ ዘሎ ኩነታት ለብዒ ኖርወይ ኣብ ግምት ኣእትዩ እዩ ከምዚ ኢሉ ዝግምግም ዘሎ።

–ሰብ ሞያ ትካል ህዝባዊ ጥዕና ኖርወይ ጽጹይን ዱልዱልን ገምጋም‘ዮም ኣካዪዶም ዘለዉ። ምስ ኣብ ደንማርክ ዘለዉ መሳርሕቶምን ሰብ ሞያ ኖርወይን ብኣግኡ እዮም ነዞም ጐር-ሳዕቤናት ኣስተብሂሎምሎምን፡ ከምኡ’ውን ምስቲ ክታበታት ክህልዎ ዝኽእል ጠንቂ ክግምግምዎ ክኢሎምን።

ነዞም ሳሕታውያን ግን ከኣ ከበድቲ ዝኾኑ ጐር-ሳዕቤናት ብዕቱብነት ንተሓሓዞም ብምኸኣን ንዕኦም ንምልላይ እውን ኣብ ኖርወይ ስርዓታት ብምህላውናን ኣባና ከም ሰበስልጣናት መጠን እምንቶ ዘሕድር እዩ። እቶም ብትካል ህዝባዊ ጥዕና ንክታበት ኣስትራዘኔካ ደው ዘበሉ ሳሕታውያን ጐር-ሳዕቤናት ምስቲ ክታበት ምትሕሓዝ ንክህልዎም ዘሎ ተኽእሎ ልዑል ኢዩ። ብኣህጉራዊ ደረጃ ድማ ተፈላጥነት ረኺቡ ኣሎ ይብል ሚኒስተር ጥዕናን ክንክንን በንት ሀይየ።

ኣፍራዪ ትካል ያንሰን ብወገኑ ከምዚ ናይ ክታበት ኣስትራዘኔካ ዝዓይነቶም ሳሕታውያን ጐር-ሳዕቤናት ከምዝተኸሰተ ሓበሬታ ምስ በጽሖ ብዓሉ ንክታበት ያንሰን ንግዜኡ ደው ኣቢሉዎ ኣሎ።

**ብርክት ዝበሉ ሳዕቤናት**

–ከምዚ እዞም ከበድቲ ጐር-ሳዕቤናት ንትካል ህዝባዊ ጥዕና ኣሻቒልዎም ዘሎ ንዓይ እውን ዘየሻቕሉኒ ኣይኰኑን። እንተኾነ ግና መደብ ክታበትን ዳግመ-ክፍታን ከምዝናዋሕ ምግባር ንህዝቢ ሕብረተሰብ ኖርወይን ከምጽኣሉ ዝኽእል ሳዕቤናት ውን ኣሻቒሉኒ እዩ ዘሎ። ትማሊ ኮሚሽን ኮሮና ቄልዑን መንእሰያትን ኣብ እዋን ለበዳ ከቢድ ጾር ኰይንዎም ከም ጸንሐ ኢዩ ክብል ደምዲሙ። ይኣኽሎም ብምባል ጾሮም  ከነራግፈሎም ኣለና። ነዞም ክታበታት ንሓዋሩ እንተደኣ ነጺግናዮም ኣብ ወቕቲ ክረምቲ ንብምሉኦም ልዕሊ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ሰባት ክንከትቦም ዘለና ሽቶ ከይወቓዕናዮ ክንተርፍ ተኽእሎታት ኣሎ። ምናልባት ብስጉምትታት ተቐይድና ንነብረሉ ግዜ ይናዋሕን ሓደስቲ ለብዕታት’ውን ክባራዕ ተኽእሎታት ክህሉ ይኽእል ይኸውን ይብል ሀይየ።

ኣብ ዓለም ምሉእ ዘለዉ ሰብ ሞየ እዞም ከምዚኦም ዓይነት ክታበታት ከምኒ ቨክተር ቫይረስ በዳሂ ሽነኻቶም ንምፍላጥ ይሰርሑሉ ኢዮም ዘለው።

- ኣስትራዘኔካ ካብ መደብ ክታበት ኖርወይ ንሓዋሩ ከነውጽኦ ኣብ መደምደምታ ክንበጽሓሉ ንኽእል እኹል መሰረት የብልናን ይብል ኣሎ መንግስቲ። ኣስትራዘኔካ እንተደኣ ኣስትራዘኔካ ፈጺምና ነጺግናዮ እቲ ብሕደ ዓይነት ተክኖሎጂ ዝሙርኮስ ክታበት ያንሰን’ውን ንክንጥቀመሉ ዘለና ዕድላት እውን ክጸልዎ ይኽእል እዩ። ብኣህጉራዊ ደረጃ ዝድለብ ፍልጠት ክሳብ ዝመጸና ክንጽበ ይግበኣና፡ ከምኡ’ውን እቲ ሓድሽ ዝድለብ ፍልጠት ነዞም ክታበታት ንክንጥቀመሎም ሓንጐፋይ ኢልና ክንቕበሎ ኣለና ይብል ሀይየ።

መደብ ክታበትና ብዘይ ክታበታት ኣስትራዘኔካን ያንሰንን ክቐጽል እውን መንግስቲ ብወገኑ ይዳለወሉ ኢዩ ዘሎ።

- ኣብ መንጎ ቀዳማይ ክታበትን ካልኣይ ክታበትን ክታበታት ሞደርናን ፋይዘርን ዘሎ ናይ ግዜ ጋግ ካብ ሽዱሽተ ክሳብ ዓሰርተ ክልተ ሳምንታት ከነናውሖ ንኽእል እንተደኣ ኰይንና ትካል ህዝባዊ ጥዕና ሕጂ ገምጋማት ይገብሩሉ ኣሎዉ። እቶም ቀዳማይ ክታበት ዝወስዱ ካብ ኮቪድ-19 ጥዑይ ጌሩ እዩ ዝከላኸለሎም ዘሎ። ክሳብ ካልኣይ ክታበት ዝውሰድ ዘሎ ጋግ ግዜ እንተደኣ ተናዊሑ ብዝቐልጠፈ ንዝበዝሑ ሰባት ከነኽትቦም እውን ክንክእል ኢና ብምባል ሀይየ የጋናዝብ።

**ዝያዳ ስፍሓት ዘለዎም ገምጋማት**

ትካል ህዝባዊ ጥዕና ንክታበት ኣስትራዘኔካን ኣብ ኖርወይ ንምጥቃም ዘለዎ ስግኣት ክግምግሙዎ እንከለዉ ኣብ ኖርወይ ብኮቪድ-19ን ምናልባት እውን ብሰንኪ ከበድቲ ጐር-ሳዕቤናት እቲ ክታበት ዝሞቱን ብምርኣይ ኢዮም ግምገማኦም ዝሙርኰስዎ። ብኣህጉራዊ ደረጃ ብዛዕባ ተኽእሎታት ከበድቲ ጐር-ሳዕቤናት ኣፍልጦ ንምድላብ ሎሚ ብዙሕ እዩ ዝስረሓሉ ዘሎ።

ስለዚ ኸኣ ካልኦት ሃገራት ካብዞም ክታበታት ዝደለቡዎ ተመኩሮታትን መደብ ክታበት ብምንዋሑን ንህዝብናን ሕበረትሰብና ብሓፈሻን ዘውርደሉ ተጽዕኖታትን ዘጠቓለለ ዝያዳ ስፍሕ ዝበለ ግምገማታት ንክካየድ ድሌት መንግስቲ እዩ።

**ልኡኽ ኮሚቴ**

ኮሚቴ ክኢላታት እዞም ክታበታት ቨክተር ቫይረስ ከም ውልቀ-ሰብን ብደረጃ ሕበረተሰብን ምውሳዶም ኣስጋእነቱ ክሳብ ክንደይ ከምዝኾነ ምሉኣውነት ዘለዎ ግምገማታት እዮም ከካይዱ። ኮሚቴ ክኢላታት ብዛዕባ ስግኣት ጐር-ሳዕቤናትን ተዛማዲ ዝኾነ ኣህጉራዊ ሓበሬታታትን እዩ ክግምግም። እዚ ኮሚቴ ኣብ ዝተፈላለዩ ክልታት ዕድመ ዝርከቡ ሰባት ነዚ ክታበት ክወስዱዎ ዝኽእሉ እንተደኣ ኮይኖም ንዝብል ክግምግሞ ኢዩ፡ ከምኡ'ውን ጐር-ሳዕቤናት ንምክልኻልን ቅልጡፍ ሕክምናዊ ሓገዝ ንምሃብን ገለ ተካእቲ ስጉምትታት ንክተኣታተዉን ዘለው ዕድላት'ውን ክግምግም እዩ።

ብተወሳኺ ህዝቢ ኣብ መደባት ክታበት ዘለዎ እምነትን ነቶም ዝተፈላለዩ ክታበታት ክወስዶም ዘለዎ ድሌትን ክግምግሙዎ ኢዮም። ቤት-ጽሕፈት ጉዳያት መድሃኒታት ኤውሮፓ ነዞም ክታበታት እንተደኣ ተቐቢሉዎም እቶም ብዝቐልጠፈ ክታበት ክኽተቡ ዝደልዩ ሰባት ነዞም ክታበታት ብወለንታ ክኽተቡዎም ዝኽእሉ እንተኾይኖም ውን ክግምግሙ ኢዮም።

እዞም ክታበታት ከይተጠቐምናሎም ምስ ንተርፍ ንሕብረተሰብና ዘምጽኣሉ ሳዕቤናት ውን እዚ ኮሚቴ ክግምግሙዎ ተሓቲቶም ኣሎዉ። እዚ ንብዝሒ ተርእዮታት ሕማማት ኮቪድ-19ን ሞትን ብኸመይ ይጸልዎ፡ ብፍላይ ኣብ ንኡስ ክልታት ዕድመ ንዝርከቡ፡ ከምኡውን ናይ ኮቪድ-19 ንነዊሕ ግዜ ዝጸንሑ ሳዕቤናት ብዝምልከቱ ሓበሬታታት እንተደኣ ረኺብና ኣብ ገምጋም ክኣቱ እዩ።

ኣብዚ ብምሙርኳስ ብቤት-ጽሕፈት መድሃኒታት ኤውሮፓ ተቐባልነት ዝረኸቡን ኣብ ካልኦት ሃገራት ኤውሮፓ ክጥቀሙሉ ምሕጽንታ ዝተዋህበሎም ክታበታት ቨክተር ቫይረስን ኣብ ኖርወይ ብኸመይ ክንጥቀመሎም ከምዝግበኣና እዚ ኮሚቴ ንመንግስቲ ምሕጽንታቱ ከማሓላልፍ እዩ።

**ኣባላት ኮሚቴ ክኢላታት**

ኣባላት ኮሚቴ ክኢላታት ብላርስ ቮርላንድ እዩ ክምራሕ። ቮርላንድ ዓውደ ትምህርቲ ሕክምና ዝተማህረ ኰይኑ ኣብ ሕክምናዊ ማይክሮ ባዮሎጂ ደረጃ ማዕርግ ፕሮፌሰር ኣሎዎ። ገለ ካብ ተመኩሮታቱ ድማ ኣብ ኣሃዱ ምክልኻል ለብዒ ትካል ህዝባዊ ጥዕና ከም ላዕለዋይ ሓላፊ፡ ኣብ ትካል ሄልሰ ኑርድ ላዐለዋይ ሓላፊ ኔሩን ከምኡ'ውን ሓደስቲ ኣገባባት ንምትእትታው ውሳኔታት ዘሕልፍ ገርዚ'ውን ዝመርሕ ዝነበረን ኢዩ።

**ካልኦት ኣባላት ኮሚቴ:**

Gunnveig Grødeland፡ ተማራማሪ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኦስሎ
Gunnar Bovim፡ ሓኪም፡ ኣማኻሪ ኣብ ዩኒቨርሲቲ NTNU
Anne Kjersti Befring ክኢላ ሕጊ፡ ፕሮፌሰር ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኦስሎ
Baard-Christian Schem፡ ላዕለዋይ ሓላፊ ፍልጠታዊ ኣሃዱ፡ ሄልሰ ቬስት
Steinar Krokstad፡ HUNT ፕሮፌሰር ኣብ ዩኒቨርሲቲ NTNU
Ingrid Hjort፡ መርማሪት ኣብ ኮለጅ BI
Jon Michael Gran፡ ክኢላ ስታቲስቲክስ ፕሮፌሰር ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኦስሎ
Ingvild Sørvoll፡ ርእሰሓኪም ኣብ ሆስፒታልን ዩኒቨርስትን ሰሜን ኖርወይ
Kathrine Kristoffersen፡ ርእሰሓኪም ንኡስ-ዞባ፡ ትሩምሰ
Linda Nøstbakken፡ ሓላፊት ክፍሊ መርመራ ሃገራዊ ቤት-ጽሕፈት ስታቲስቲክስ
Marie-Paule Kieny፡ ሓላፊት ክፍሊ መርመራ INSERM ፈረንሳ

John Edmunds, ፕሮፌሰር London School of Hygiene and Tropical Medicine